# መብርሂታት

## ንስደተኛታት ተኻረይቲ ኣባይቲ



**tigrinisch**

Caritasverband für das Bistum Magdeburg e.V. caritas
Die Stadtfelder Wohnungsbaugenossenschaft Magdeburg-Stadtfeld eG
WOBAU
Wohnungsbau genossenschaft Otto von Guericke eG
MWG
ottostadt magdeburg

ኣብ ጀርመን፡ ንኹሉ ተኻራዪ ኣባይቲ ዝምልከቱን ብኹሎም ተኻረይቲ ክኽበሩ ዘለዎምን ኣካይዳታትን ሕግታትን ኣለው። ኣብዚ ናይ ክራይ ሓበሬታ እምበኣር ነዚኣቶም ዘብርሁን ሓበሬታት ዝህቡን ጽሑፍ ንረክብ።

ምናልባሽ ሓገዝን ደገፍን ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ እንተኣድልይኩም'ውን ኣብ መወዳእታ እዚ ጽሑፍ ናይ ኩሎም ኣማኸርትን ዝምልከቶም ኣካላትን ኣድራሻታት ተዘርዚሩ ንረኽቦ።

# 1. <u>ውዕል ክራይ ኣባይትን ናይ ምርኽኻብ ስርዓተ-ጸብጻብን</u>


ናይ ክራይ ውዕልን ናይ ምርኽኻብ ስርዓተ-ጸብጻብን ኣገደስቲ ዶክመንትታት እዮም። ምኽንያቱ ኣብዚ መድረኽ እዩ ኩሉ መሰልኩምን ግቡእኩምን ብመንጽር ተኻራዩ ተሰኒዱ ንረኽቦ። ኣብ ስርዓተ ጸብጻብ ምርኽኻብ ድማ ንኣብነት ኩነታት ገዛ ኣብ እዋን ምርካብ ከምኡ ድማ ናይ ኮንታተረን ናይ ማይ ውዑይን መውዓዪ ገዛን ተመዝጊቡ ንረኽቦ። እዚ ድማ ንደሓር ዝመጽእ ክፍሊት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ገዛ ኣብ ትርከብሉ እዋን ብኣካራዪ ዝተመልአ ናይ ምርኽኻብ ስርዓተ-ጸብጻብ ይዕደለኩም። ነዚ ወረቐት ቅድሚ ምፍራምኩም፡ ኩሉ ነገር ትኽክል ከም ዘሎ ድማ ምፍታሽ የድሊ!

ኣብ ዝኾነ እዋን መሰልኩምን ግቡእኩምን ንኽትከታተሉ እምበኣር እዚ ናይ ክራይ ውዕልን ናይ መረኻኸቢ ስርዓተ-ጸብጻብን ወረቓቕቲ ብውሑስ ክተሓዙ ይግባእ!

እቲ ትካረይዎ ገዛ ብናይ ማሕበር ብጽሒት ወይ ዕርቡን ክትከፍልሉ ምስ ዝህልወኩም፡ እቲ ክፍሊት እቲ ንወግዓውነት እቲ ናይ ውዕል ስምምዕ ይቕይድ።

ናይ መንግስቲ ቀለብ ምስ ትቕበሉ ወይ ብጆብ ሰንተር ምስ ትናበሩ፡ ነቲ ዝምልከቶ መንግስታዊ ትካል መመልከቻ ብምጽሓፍ ናይ ዕርቡን ክፍሊት ብመልክዕ ለቓሕ ክኽፈለልኩም ይከኣል። እዚ ማለት ግና እቲ ገንዘብ ናብቲ ዝምልከቶ መንግስታዊ ትካል ውዒሉ ሓዲሩ ክምለስ ይግባእ።



# 2. ኣብ ቀበሌ ምምዝጋብን ኣድራሻ ምቕያርን

ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ነፍስወከፍ ምቕያር ቤትን ነፍስወከፍ ምቕያር ኣድራሻን ብሕጊ መሰረት ንዝተወሰኑ መንግስታዊ ትካላት ምሕባር የድሊ እዩ። በዚ መሰረት ድማ ኣብ ትርከብሉ ቦታ ይፍለጥ ከምኡ ድማ ኣገደስቲ ዶክመንትታት ናብቲ ዝቐየርክምሉ ኣድራሻ ክስደድ ይከኣል።

ኣብ ቀበሌ ኮነ ኣብ ምምሕዳር ኣብ ውሽጢ 2 ሰሙን ካብታ ዝቐየርኩምላ እዋን ምስ ዘይትምዝገቡ ወይ ትሕብሩ፡ ብዓንቀጽ 19 ኣብ ሃገራዊ ሕገ-ምዝገባ ዘሎ መሰረት ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ይመጸኩም።

ካብ ኣካራዪኹም ሓንቲ ናይ **ከም ዝተኻረኹም ዘብርህ ምስክር ወረቐት** ይወሃበኩም እሞ እዚ ወረቐት ድማ ንምምሕዳር ክፍሊ ምዝገባ ሒዝኩሞ ትኸዱ። ብድሕሪ እዚ ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታ **www.magdeburg.de** ቆጸራ ኣብ ማዘጋጃቤት ይግበረልኩም።

## 2.1. ናይ ምቕያር ምዝገባ ኣብ መንግስታዊ ትካላት

እተን ሓገዛት ዝህባኹም መንግስታውያን ትካላት ንኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ክትሰድሎም ኣድላዪ እዩ:

- ማዘጋጃቤት ብምኻድ ኣድራሻ መንበሪኹም ኣብ ታሴራኹምን ኣብ ፓቴንቲኹም ዘሎን ተቐይሩ።
- ኣብ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት (እንዳ ኣደይ ኣመተ)ን ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣባይትን
- ዩገንድ ኣምት
- ጆብ ሰንተር
- እንዳ ፊናንሳ

## 2.2. ምቕያር ኣድራሻ ኣብ ነፍስወከፍ ትካል

ሓድሽ ኣድራሻኹም ምበኣር ብሰራሕ፡ ብንግዲ ኮነ ብሕብረተሰባዊ ርካብት ዘለኩም ትካላት ክትሕብሩ ይግባእ።

እዚ ድማ ብዝያዳ ዝምልከቶም:

- ባንክታት (Sparkasse, Postbank, Volksbank ወዘተ)።
- ኣብቲ ዝቐየርክምሉ ከባቢ ዝኾነ ባንክ ምስ ዝህልው እቲ ናይ ባንክኹም ኣድራሻ ናብቲ ዘለኹሞ ንኽቕየረልኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።
- መዋእል ህጻናትን ቤት ትምህርትን ደቅኹም
- ወሃቢ ስራሕኩም
- ናይ ሕጊ ጠበ ቓኹም
- ናይ ክፍሊት ውዕል ዝፈረምክምሎም ቤት ጽሕፈታት፡ ትካላት፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት።
- ማሕበራትን ጋንታታትን ወዘተ
- ናይ መድሕን ድርጅታት ከም ናይ ህይወት መድሕን፡ ሓላፍነት ወሰድቲ ኢንሹራንሳት፡ ናይ መኪና ኢንሹራንስ ወዘተ

### 2.3. ምቕያር ኣድራሻ ኣብ ካልኦት ዝፈጸምኩሞም ገና ዘይተወደአ ውዕላት

ኣብ ገዛኹም ናይ ገዛ ተሌፎን ወይ ናይ ኢንተርነት ውዕል እንተለኩም ነቲ ትግዕዝዎ ሓድሽ ኣድራሻኹም ክትሕብሩ ይግባእ።

### 2.4. ኣብ እንዳ ፖስጣ ኬድካ ከመሓላልፉልካ ምጥላብ

ኣብ ነፍስወከፍ ጨንፈር እንዳ ፖስጣ ኬድኩም ወይ ድማ ብኦንላይን ገርኩም ደብዳቤታትኩም ከመሓላለፍ ክትጠልቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኩሉ ናብቲ ናይ ቅድም ኣድራሻ ዝተሰደ ደብዳቤታት ብዶቸ ፖስት ብቐጥታ ናብቲ ሓድሽ ኣድራሻኹም ከም ዝግዕዝ ይግበር።

እዚ ናይ ምትሕልላፍ ጠለብ **ብነጻ ኣይኮነን**። ንሽዱሽተ ወርሒ ናብቲ ሓድሽ ኣድራሻኻ ንኽመሓላለፍ ናይ 19,90 € ክፍሊት ኣለዎ። ናይ ዓሰርተ ክልተ ኣዋርሕ ጠለብ ድማ 26,90€ እዩ።

ኣብዚ ምስ ትጥውቑ ብኦንላይን ናይ መተሓላለፊ ደብዳቤ ውዕል ክትፍጽሙ ይከኣል:

**www.nachsenden.info**

# 3. ምስዝገባ

### 3.1. ናይ ሓይሊ መብራህቲ

ኣብ ዝኾነ ናይ ሓይሊ መብራህቲ ትካል ኬድኩም ተመዝገቡ። ንኽትምዝገቡ ግን ናይ ኮንታተረ ተመዝጊቡ ዘሎ ቁጽርታት፡ ልክዕ ከምቲ ኣብቲ ናይ ምትሕልላፍ ኣባይቲ ዘሎ ስርዓት-ጸብጻብ ሰፈርዎ ዘሎ ክኸውን ይግባእ። ገለ ናይ ኣባይቲ ትካላት ከም በዓል WO-BAU Magdeburg mbH ዝኣመሰላ ነዚ ምዝገባ ሓይሊ መብራህቲ ባዕላቶም የሰላስልልኩም።

### 3.2. ARD ZDF Deutschlandradio ናይ ፈነወ ክፍሊት

ሞባይል ኣላትኩም፡ **ናይ ግድን** ናይ ፈነወ ክፍሊት ክትከፍሉ ክትምዝገቡን ግብሪ ክትከፍሉን ኣለኩም። እንተደኣ ካብ ጆብ ሰንተር፡ ሶሻል ኣምት ወይ ክራይ ኣባይቲ (መሰረታዊ ውሕስና፡ ማሕበራዊ ሓገዝ ብመንስር ሕገ-ስደተኛታት) ሓገዝ ተረኽቡ ኮይንኩም፡ BAföG ትወስዱ ኮይንኩም፡ SGB III ሓገዝ ዝግበረልኩም ኮይኑ, BAB (ሓገዝ ኣብ ናይ ሞያ ስልጠና ሓገዝ) ትረኽቡ ኮይንኩም፡ ግብሪ ኣገልግሎት ፈነወ ምኽፋል ኣየድልየኩምን እዩ። ይኹን ደኣምበር ኣብቲ ናይ ኣገልግሎት መመዝገቢ ክትምዝገቡ ይግባእ። ነዚ መመዝገቢ ወረቐት ድማ ኣብ ማዛጋጃቤት ትረኽብዎ ኢኹም። ካብ ግብሪ ምኽፋል ናጻ ዘግብር ወረቐት ምስ ናይ ፍቓድ ወረቐት ተተሓሒዙ ካብ ጆብ ሰንተር ወይ ድማ ካብ ሶሻል ወይ ክራይ ኣባይቲ ይመጸኩም።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ኣብዚ ትረኽቡ፡

**www.rundfunkbeitrag.de**

### 3.3. ኢንተርነትን ተለቪዥንን

ንተለቪዥንን ኢንተርነት ዝምልከት ብክፍሊት ዝተቐየደ ውዕል ምስቶም ኣዳለውቲ ክግበር ይከኣል። በቲ ውዕል መሰረት ድማ ባዕልኹም ትኸፍልዎ ክፍሊት ይመጽእ። እንተ ደኣ ነቲ ውዕል ከተፍርስዎ ደሊኹም እቲ ዘሎ ናይ ግዜ ገደብ ክትግንዘብዎ ይግባእ።

### 3.4. መድሕን ኢንሹራንስ ናውቲ ኣቕሑ ገዛ / መድሕን ኢንሹራንስ ሓላፍነት ምስካም

መድሕን ኢንሹራንስ ናውቲ ኣቕሑ ገዛ ኣገዳስነቱ ኩሉ ንብረት ኣብቲ ገዛ ዘሎ ውሕስነት ይወሃቦ። እዚ ማለት ኣቕሑ ገዛ፡ ዝተጠቐምኩምሉን ትጥቀሙሉን ንብረት ማለት እዩ። ስለዚ ሓደ ናይ መድሕን ኢንሹራንስ ነዚ ንብረት ክመጾ ዝኽእል ዕንዋ ብናይ ሓዊ ባርዕ፡ ማይ ቡምባ፡ ህቦብላ፡ ዝናብ፡ ስርቂ፡ ዝርፋ፡ ብናዕባ ሰባት ዘውሕስን ዋጋ ዝኸሕስን መስርሕ እዩ። ከምዚ ዓይነት ዕንወት ኢንሹራንስ ከይኣተኹም ከለኹም ምስ ዘጋጥመኩም ኩሉ ክሳራታት ባዕልኹም ክትስከምዎ ኣለኩም!


ናይ ውልቂ ሓላፍነት ኢንሹራንስ እውን እንተ ኣተኹም ኣዝዩ ዝምረጽ እዩ። በዚ መሰረት ንስኹም ከም ውልቂ ሰብ ዘጋጥመኩም ሓላፍነት ክትወስድዎ ትኽእሉ ጸገማት ኣብ መዓልታዊ ሂወትኩም ሽፋን ይኸውን።

ኣብዚ ክትግንዘብዎ ዘለኩም: **ሓደ ሰብ ንብረት ምስ ዘዕኑ ምሉእ ብምሉእ ክዓድዮ ብሕጊ ሓላፍነት ይወስድ!**

*ኣገዳሲ! ኢንሹራንስ ክትኣትዉ እንከለኹም ኩሉ ግዜ ንኽንደይ ዓመት ከም ዝኸይድን መዓስ ክተቋርጽዎ ከም ትኽእሉን ምግንዛብ ከድሊየኩም እዩ።*

# 4. <u>ገዛ ጸገማት ምስ ዝህልዎ</u>

ኣብ ውሽጢ ገዛ ኮነ ኣብ ኣስካላን ኮሮድዮን ናይ ጉድለት፡ ብልሽት ጸገማት ምስ ዝኽሰቱ፡ ንኣካራዪ ገዛ ተወኪስኩም ሓገዝን ደገፉን ክገብረልኩም ተወከሱ።
ኣድራሻ ናይ ኣካራዪ ገዛ ኣብቲ ናይ ክራይ ውዕል ዘሎ ወረቓቕቲ ትረኽብዎ ኢኹም። ፍሉይ ጸገማት ንኣብነት ከም ናይ ማይ ትቦ መስበርቲ ምስ ዘጋጥም፡ ከምቲ ልሙድ ኣካራዪ ገዛ ወይ ናይ ሓደጋ ኣገልግሎት ክትውከሱ ይግባኣኩም። ንከምዚ ዓይነት ናይ ሓደጋ ጸገም ምስ ዘጋጥሙ ክድወለሎም ዘለዎ ቁጽርታት ኣብ መብዝሕትኡ መእተዊ ካንሸሎ ህንጻታት ተጠቒዖም ንረኽቦ።



# 5. <u>ናይ ህንጻ ምቕይያራት፡ ምውሳኽን ምልውዋጥ ኣብ ገዛ</u>

ኣብ ውሽጢ ገዛኹም ናይ ህንጻ ምቅይያራት ወይ ድማ ክትውስኹሉ ወይ ምልውዋጥ ምስ ትደልዩ (ንኣብነት ላሚናት ክተንጽፍሉ ምስ ትደልዩ ወዘተ)፡ ኣቐዲምኩም ንኣራዪ ገዛኹም ክትሕብሩን ፍቓዱ ክትወስዱን ይግባእ። እቲ ትገብርዎ ስራሕን ዓይነቱን እውን ክትግንዘብዎ ዘለዎ ሕግታት ኣሰራርሓ ኣሎ። ኣብ መጻኢ ካብቲ ገዛ ምስ እትወጹ ኣየኖት መስርሓት ኣብ ነበሮም ክምለሱ ኣለዎምን እንታይ ከም ዘለዎ ክግደፉ ይኽእሉ ስምምዕ ክግበሩ ኣለዎም።

# 6. ምግዓዝ

ናይ **ምውጻእ ገደብ** ናይ ገዛ ክትግንዘቡ ይግባእ። ከምቲ ልሙድ **ሰለስተ ወርሒ ጥራይ እዩ** ግዜ ዘለዎ።
ኣብ ልዕሊኡ እውን ናይ ሓይሊ ኤሌክትሪክ፡ ተሌፎን፡ ተለቪጅን ከምኡ ድማ ናይ ኢንተርነት ኣውሃብቲ ውዕላት ከተሰርዝዎ ኣለኩም። እቲ ናይ ግዜ ገደብ ኣብ ነፍስወከፍ ውዕላት ትረኽብዎም።

ኣታዊኹም ካብ ሓገዛት ናይ ጆብ ሰንተር ወይ ናይ ሶሻል ሓገዝ ወይ ካብ ናይ ኣባይቲ ደገግ ትረኽቡ ኮይንኩም ናይ ግድን እቲ **ክራይ ዝውድኣሉ ስምምዕ ክራይ ገዛ ኬድኩም ከተረክብዎም ይግባእ**። መታን እቲ ቅንዕና ናይቲ ስምምዕ ክምርምርዎ። ብድሕሪ እዚ ናይ ክፍሊትን ናይ መቐየርን ፍቓድን ናይ ምፍራሽ ሓድሽ ገዛን መመልከቻ ከተእትው ፍቓድ ይወሃበኩም።
ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ እንተዘይብልኩም፡ **ከም ግዝያዊ ወይ ድማ መጻንሒ** ኣለኩም ኮይኑ፡ ናብ ካልእ ቦታ ክትቅይሩ ከም ትኽእሉ ፍቓድ ካብ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት **ከምኡ ድማ** ሶሻልን ኣባይትን ከተምጽኡ ኣገዳስነት ኣለዎ።

እቲ ፍቓድ ምስ ተመልከቱ ጥራይ እዩ ዝወሃበኩም።

**ኣስተውዕሉ**: ብዘይ ፍቓድ ናታቶም ውዕል ክራይ ገዛ ምስ ትፍጽሙ፡ እቲ ክፍሊት ገዛ ኮነ ናይ ምቕያር ፍቓድ ከይውሃበኩም ይኽእል እዩ።

# 7. ስርዓት ገዛ

ብኽብረትኩም ስርዓተ-ገዛ ከተኽብሩ ኣለኩም። ኣብ ጀርመን ሓደ ሓደ ሕግታት ገዛ ንሓባራዊ ምንባር ምስ ጎረባብትኹም ተባሂሎም ንኽክበሩ ብጣዕሚ ዋጋ ይወሃቦም።
ምስቲ ናይ ክራይ ውዕል ኣተሓሒዞም ድማ እቶም ሕግታት ገዛ ዝጸደቑን ዝተጻሕፉን ይወሃብኹም።

## a) ዓውታ ድምጺ ኣወግዱ!





- ተለቪዥን ኮነ ራድዮ ኣብ ኩሉ እዋን ናብይ ክፍሊ ድምጺ ጥራይ ክውልዑ ይግባእ።
- ድምጺ ዘለዎ ስራሕ ገዛ (ንኣብነት ብመስሓቢ ዶሮና፡ ምጥቃም ማርቴሎ፡ ሙዚቃ ምጽዋት) ኣብ እዋን ዕረፍቲ ካብ ሰዓት 13.00 ክሳብ ሰዓት 15.00 ከምኡ ድማ ካብ ሰዓት 22.00 ክሳብ ሰዓት 7.00 ክውገድ ይግባእ።
- ሰንበትን በዓል መዓልትን ናይ ስራሕ ድምጺ ክግበር ኣይግባእን።
- ፌስታ ምስ ትገብሩ ወይ ድማ ምስ ካልኦት ብዙሓት ሰባት ምስ ትእከቡ፡ እሞ ኸኣ ካብ ሰዓት 22.00 ዝሓልፍ ውራይ እንተኮይኑ፡ ኣቐዲምኩም ነቶም ካልኦት ተቐመጥቲ ጎረባብቲ ብምሕባርን ፍቓዶም ብምውሳድን ጥራይ ክትገብርዎ ይግባእ።

## b) ብኽብረትኩም ስርዓትን ጽሬትን ኣኽብሩ!

ብነፍስወከፍ ተኻራዪ ካንሸሎ ገዛ፡ መኻዚኖ እንተሃልዮ ድማ በሎፎን፡ ጋራጅን መቐመጢ ቦታን ብጽፈት ክተሓዝ ኣለዎ።
ኣብ ገሊኡ መንበሪ ገዛውቲ ጽሬት ናይ ከባቢ ብትካላት እዩ ዝሰላሰል። ንዕኡ ዝወጽእ ገንዘብ ድማ ብኩሎም ተኻረይቲ ተመቒሉ ይኽፈል።
እንተደኣ ናይ ጽሬት ጉዳይ ብተኻረይቲ ክግበር ኣለዎ ኮይኑ ግና፡ ነፍስወከፍ ተኻራዪ ዘጽርየሉ ሰሌዳ ብዋና ገዛ ይግበር ስለዝኾነ፡ ግዴኹም መዓስ ምኳኑ ክትውከሱ ይግባእ።

ኣብ ጀርመን **ሪሳይክሊንግ** ዓቢ ግደ ይጻወት። ኣከባቢ ይከናኸንን ናይ ጎሓፍ ወጻኢ ይቑጥብን።
ናይ ገዛ ጎሓፍ ኣጎሓሕፋ:
**ናይ ገዛ ጎሓፍ ኣብቲ ንዕኡ ተባሂሉ ዝተዳለወ ናይ ጎሓፍ ገንኢ ክጎሓፉ ይግባእ። ኣብዚ ድማ ፈላሊኻ ምጉሓፍ ኣገዳሲ እዩ:**



- ጸሊም ገንኢ ንናይ ምግቢ ጎሓፍ
- ቀጠልያ ገንኢ ንፕላስቲክን መዐሸጊታትን መጉሓፊ
- ሓመዳዊ ገንኢ ንዳግመ ዝስራሕ ጎሓፍ
- ሰመያዊ ገንኢ ናይ ባኮን ወረቐትን መጉሓፊ

ሽታ ጎሓፍ መታን ከይዕብልኽ፡ መኽደኒ ናይቲ ገንኢ ኩሉ ግዜ ክዕጸው ኣለዎም።

መተሓላለፊ ማያትን ዓይኒ ምድርን ዝዓብስ ነገራት ኣይትወትፍሉ።
ኣስተውዕሉ: ናይ ምግቢ ተረፍ፡ ኣጭርቕቲን ናይ መጻራረዪ ነገራትን ኣብ ሽንቲ ቤት ኣይኮነን ቦትኡም!





ናይ ኣቕሑ ገዛ ምግሓፊ:
ዝተበላሸውን ዘየድልዩን ኣቕሑ ገዛ ክትጉሕፉ ምስ ትደልዩ፡ ንምምሕዳር ከተማ ማግድበርግ ጨንፈር ጽሬትን ምሕደራ ጎሓፍን ብምሕባር ብፍሉይ ኣገባብ ክለዓሉ ይከኣል።

*ኣብ ገዛኹም ዘሎ ኣቕሑ ክልተ ግዜ ኣብ ዓመት ክሳብ 2 $m^3$ ወይ ድማ ሓንሳብ ኣብ ዓመት ክሳብ 4 $m^3$ ናይ ጎሓፍ ቦታ ኣብ ኣፍደገ ብዘይክፍሊት ክተቐምጡ ትኽእሉ ኢኹም። ካብ ምዝገባን ክሳብ መጺኦም ዝወስድዎ ዘሎ ግዜ ከባቢ 4 ሰሙናት ክወስድ ይኽእል እዩ።*
እቲ ኣቕሑ ገዛ መጀመርያ በታ መጺኦም ክወስድዎ ዝተመደበታ ዕለት ኣብ ድገ ክጎሓፍ ኣለዎ!
መምልኢ ፎርም ኣብዚ ትረኽቡ:

**www.magdeburg.de/Leben-in-Magdeburg/Umwelt/Abfall**


### c) ውሕስነት ንብረትን ሂወትን ከም ዝህሉ ምግባር!



- ኣብ ኣፍደገ፡ ኣስካላ፡ ናይ ሓዊ መውጽኢን ናይ ሂወት ኣድሕን መንገድን ዝኾነ ነገር ኣይተቐምጡ ኣይግባእን። ምኽንያቱ ናይ ሂወት ኣድሕን መስርሕ (ንኣብነት ሓዊ ምስ ዝህልው) ክትዓግትዎን ሂወትኩምን ሂወት ካልኦት ተቐመጥትን ኣብ ሓደጋ ከተእትዉ ትኽእሉ።



- ናይ ኣፍደገ ካንሸሎ ብመሰረቱ ኩሉ ግዜ ክዕጸው ይግባእ መታን ዘይግበኦም ሰባት ንኸይኣትው።



- ባርዕ ገዛ ንኸይስዕብ፡ ኣብ ባልኮን ኮንካ ወይ ኣብ ድሕሪት ካንሸሎ ኮንካ ብሓዊ ስጋ ምጥባስ ኩልኩል እዩ።




- ሽጋራ ምትካኽ ኣብ ናይ ሓባራዊ ቦታታት ከም ኣስካላ፡ መኻዚኖን ቦሎፎን ወዘተ ፍቑድ ኣይኮነን።

### d) ናይ ራድዮን ተለቪዥንን ኣንቴናታት

ናይ ሃገርኩም ተለቪዥን ብሳተላይት ክትሪኡ ደሊኹም፡ ነቲ ንዑ ዝስሕብ ናይ ሳተላይት ዲሽ ኣብ ገዛ መግበሪ ፍቓድ ብጽሑፍ ካብ ዋና ገዛ ከተምጽኡ ኣለኩም መጀመርያ። እቲ ናይ ጽሑፍ ፍቓድ እውን ኣበይን ብኸመይ መልክዕን ክስቀል ከም ዝኽእል ዝሕግግ ጽሑፍ ክህልዎ ይኽእል እዩ።

### e) ዋኒን እንስሳ ዘቤት

እንስሳ ዘቤት (ከም ከልቢ፡ ድሙ ወይ ድማ ፍሉያት እንስሳታት) ብፍቓድ ዋና ገዛ ጥራይ እዮም ኣብ ገዛኹም ከተእትው ትኽእሉ።



# 8.ወጻኢታት ጸዓት

ጸዓት ብዕቅንን ብቁጠባን ክንጥቀመሉም ይግባእ። በዚ ኣገባብ ደማ ወጻኢታትና ነውሕድ ጥራይ ዘይኮነ ኣከባቢና እውን ንከባኽብ። ኤሌክትሪክ፡ ማይን ዋዒን ከነባኽን እንከለና ልኽዕ ማዕረ ውልቃዊ ኣጠቓቕማና ክኸውን ኣለዎ።

## a) ምሟቕ ገዛን ንፋስ ምእታውን




- ኣብ መዓልቲ ደጋጊምኩም ገዛኹም ንፋስ የእትውሉ! ነዚ ምግባር መሳኹት ኩሉ ብሓንሳብ ተኸፊቱ ነቲ መውዓዪ ገዛ ድማ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብታ ናይ በረድ ምልክት (ኮኾብ ምልክት ዘለዋ) ንጠውያ።
  ነዊሕ መስኮት ኣገፍቲና ኣይንግደፎ፡ ተዘይኮይኑ ሰበባ ገዛ ክፈጥር ይኽእል እዩ።
- ነፍስወከፍ ክፍሊ ኣብቲ ገዛ ብሓደ ዓይነት ዓቐን ክውዕይ ይግባእ።
  ዋላ እውን ኣብቲ ብዙሕ ዘይትኣትውሉ ክፍሊታት ካብ 16 ዲ.ሰ. ዝውሕድ ዛሕሊ ክህልዎ ኣይግባእን። ሚዛናዊ ዝኾነ ሙቐት ኣብ መላእ ክፍልታት ገዛ ምስ ዝህልው ጥራይ እዩ ጸዓት ክቑጠብ ዝከኣል።

## b) ማይ

- ሻወር ካብ ባዝ ምግባር ዝያዳ ማይ ይቑጥብ።
- ስንኹም ክትምውጹ እንከለኹም ወይ ድማ ጭሕምኹም ክትላጸዩ እንከለኹም እቲ ማይ ስቕ ኢሉ ክፈስስ ኣይትኸፈትዎ።
- ማይ ንታሕቲ እንዳ ፈሰሰ ብያቲ ምሕጻብ ብዙሕ ክሳራታት የስዕብ። ኣብቲ ላባንዲኖ ማይ መሊእኩም ሓቲምኩም ቢያትታት ሕጸቡ። ኣስፔዛ ብወሓዚ ዝሑል ማይ ጌርካ ምዝሓል ወይ ምውዓይ ከተወግዱ ይግባእ።

## c) ኤሌክትሪክ

- መብራህቲ ኣብቲ ሰብ ዘለዎ ቦታ ጥራይ ክውላዕ ይግባእ።
- ናይ ጸዓት ዝቑጥብ ዓይነት ኣምፑላት ክትጥቀሙ ይምረጽ።
- ኤሌክትሮኒክ (ከም በዓል ተለቪዥን፡ ራድዮ፡ ኮምፒዩተር፡ ናይ ሙዚቃ መጓልሒ ወዘተ) ተጠቒምኩም ምስ ወዳእኩም ብጠቕላላ ክጠፍኡ ኣለዎም (ኣብ ስታንድ ባይ ኣይንግደፎም)
  ዝውልዑ ዝጠፍኡ ዓይነት ሶከየታት ወይ ሪሞት ኮንትሮል ጌርካ ናይ መለኣኸቲ ዘመሓላልፉ ሶከየታት ክንጥቀም ዝመችእ እዩ።
- ክንደይ ጸዓት ወይ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ትጥቀሙ ኣለኹም ንምፍላጥ ዝተፈላለዩ መዐቀኒ ኣገባባት ኣለው። ካብቲ ተተሚኑ ዝነበረ ዝያዳ ጸዓት እንተደኣ ኣባኺንኩም ገንዘብ ዝያዳ ክትውስኹ ኢኹም። እዚ **ወሰኽ ክፍሊት** ዋላ እውን ብጆብ ሰንተር ወይ ሶሻል ወይ ክራይ ኣባይቲ ትሕገዙ ኮይንኩም ብዘየገድስ ካብቲ ዝተተመነልኩም ንላዕሊ ስለ ዝተጠቐምኩም ካብ ጅባኹም ክትከፍልዎ ኣለኩም።

## ናይ ቅጽላት መግለጺ:

- ሕሳብ ናይ ገዛ ወጻኢታት (Betriebskostenabrechnung):

Betriebskosten፡ ወይ ድማ ናይ ገዛ ወጻኢታት ዝበሃሉ (ንኣብነት ከም ማይ፡ መውዓዪ ገዛ፡ መጽረዪ ኣከባቢን ጎደናን፡ ናይ ህንጻ መድሕን ኢንሹራንስ፡ ግብሪ መሰልቲ) ንዋና ገዛ ወይ ንዋና መሬት ዝመጾ እዩ። ኣብቲ ናይ ክራይ ስምምዕ ውዕል ተኻራዪ ወርሓዊ ነዞም ወጻኢታት ኣብ ልዕሊ ክራይ ወሲኹ ክኸፍሎ ከም ዘለዎ ዝጠቅስ ኣሎ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ድማ ክንደይ ዓቐን ወጻኢታት ተኻራዪ ከም ዘኸትል ክፍለጥ ይኽኣል። በዚ መሰረት እምበኣር ሕሳብ ናይ ገዛ ወጻኢታት ክትመን ይኽኣል። ተኻራዪ ካብቲ ዝኸፈሎ ንላዕሊ ወጻኢታት የባኽን እንተኮይኑ ክውስኽ ይግደድ። እንድሕር ዝያዳ ከፊሉ ኮይኑ ድማ ገንዘብ ይምለሰሉ።

- ናይ መድሕን ኢንሹራንስ (Versicherungen):

ናይ መድሕን ኢንሹራንስ ዝኣተወ ሰብ ቀጻሊ ዝተወሰነ ገንዘብ ነቲ ናይ መድሕን ትካል ይኸፍል። ብኡ መሰረት ድማ እታ ትካል ዝኾነ ብልሽት ወይ ዕንወት ምስ ዘጋጥም ከም ትኸሕሶ ውሕስነት ትኣትወሉ።
ንኣብነት፡ - ናይ ውልቂ ናይ ሓላፍነት መድሕን፡ ናይ ገዛ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ዕንወት ዝዓጹ መድሕን

- ብርኪ ኣባልነት ማሕበር (Genossenschaftsanteil):

እዚ ገኖሰንሻፍት ዝበሃል ፍሉይ ትካላዊ ኣቃውማ እዩ። ኣብዚ ኣባል ናይ ማሕበር ክትከውን ብርኪ ናይ ኣባልነት ማሕበር ክትሓትት ኣለኩም። ከከም ዕብየት ገዛ ድማ ካብ ሓደ ንላዕሊ ብርክታት ክትገብሩ ትኽእሉ።

- ዕርቡን (Kaution):

ዕርቡን ንውሕስነት ክራይ ተባሂሉ ዝወሃብ እዩ። በዚ መሰረት ተኻራዪ በቲ ንሱ ዝፈጠሮ ዕንወት መሰረት ግብኡ ክኸፍል እንተዘይክኢሉ፡ ኣካራዪ ካብቲ ዕርቡን ገንዘብ ክወስድ ይኽእል። እቲ ዕርቡን ከም ግቡእ ቅድሚ መፋትሕ ምርኽኻብ ክኽፈል ኣለዎ።

- ውዕል ስምምዕ ክራይ (Mietvertrag):

ኣብ ጀርመን ናይ ክራይ ስምምዕ ውዕል ምግባር ክበሃል እንከሎ፡ ክልቲኣዊ ዝኾነ ብሕጊ ዝተቐየደ ኮይኑ፡ ኣካራይ ገዛ ብዝተወሰነ ገንዘብ ገዝኡ ክህብን ተኻራዪ ገዛ ድማ በቲ ዝተሰማምዕሉ ኣገባብ ገዝኡ ክጥቀመሉን ክዕቅቦን ነቲ ዝተሰማምዕሉ ክፍሊት ድማ ኣብ እዋኑ ክኸፍልን ዝገብርዎ ውዕል እዩ።

- ናይ ምርኽኻብ ስርዓት-ጸብጻብ (Übergabeprotokoll):

እዚ ናይ ምርኽኻብ ስርዓት-ጸብጻብ ክንብል እንከለና ኣብ እዋን ገዛ ምእታው በቲ ዋና ገዛ ዝግበር ኣብ እዋን ከተረክቡ እንከለኹም ድባ ብተኻራዪ ዝግበር ንኹነታት እቲ ገዛ ብዝርዝር ዝገልጽ ናይ ጽሑፍ ቅጥዒ እዩ። በዚ መሰረት ድማ በቲ ተኻራዪ ዝተኸስተ ዕንወት ገዛ ወይ ብልሽታት ክፍለጡን ክምዝገቡን ከም ዝኽእሉ ይገብር። ጥቕሚ ናይዚ ናይ ምርኽኻብ ስርዓት-ጸብጻብ ድማ ንኹነታት ገዛ ዝምልከት ዘየሰማምዕ ነጥብታት እንተተረኺቡ ኣብ እዋን ምርኽኻብ ንምንጻሮም የገልግል።

- ናይ ኮንታተረ ቆጻሪት (Zählerstand):

ነባኹኖም ናይ ኤሌክትሪክ፡ ማይ፡ መውዓዪ ገዛ፡ ወዘተ ንምምዛን ነፍስወከፍ ኮንታተረ ቆጻሪት ክምዝገብ ኣለዎ። እዘን ኮንታተረታት መብዝሕትኡ ግዜ ኣብ መኻዚኖ ታሕቲ ወይ ድማ ናይ ማይ ምስ ዝኾኑ ኣብ ባጬ ንረኽቦም።

- መረጋገጺ ወሃቢ ገዛ (Wohnungsgeberbestätigung):


እዚ መረጋገጺ ወሃቢ ገዛ ዝበሃል ኣብ ምምሕዳር ክፍሊ ምዝገባ ንምምዝጋብ ናይ ውዕል ክራይ ተባሂሉ ኣገዳሲ ዶክመንት ብኣካራዪ ዝወሃብ እዩ።

- ARD ZDF Deutschlandradio:

እዚኦም ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝኾኑ ማዕከን ዜና ኮይኖም፡ ነፍስወከፍ ነባሪ ድማ ግብሪ ብምኽፋል ክጥቀመሎም ይኽእል።

- ናይ ውዕል ምስራዝ ግዜ ገደብ (Kündigungsfrist):

ናይ ውዕል ምስራዝ ግዜ ገደብ ኣብ መንጎ ውዕል ዝስረዘሉን ብሰንኪ ምስራዝ ድማ ናይ ውዕል ግዜ ዝወድቀሉን ዘሎ ግዜ ዝትምን እዩ።



2.ይ ሕታም/ መስከረምr 2018 © መሰል ደራሲ ዝተሓለወ እዩ

ኣዳላዊ:

Landeshauptstadt Magdeburg | Sozial- und Wohnungsamt | Abt. Zuwanderung
Caritasverband für das Bistum Magdeburg e. V. | Interkulturelles Beratungs- und Begegnungszentrum
Wohnungsbaugesellschaft Magdeburg mbH
Wohnungsbaugenossenschaft Magdeburg-Stadtfeld e G
Wohnungsbaugenossenschaft Otto von Guericke e G
MWG-Wohnungsgenossenschaft e G Magdeburg

**መሰል ደራሲ/ናይ ኣገልግሎት መሰል**

ምብዛሕ ትሕዝቶ እዚ ጽሑፍን ሓበሬታን ብመሰረት ናይ ኣሕታሚን ደራሲን መሰል ሃገረ ጀርመን ብሕጊ ኩልኩል እዩ። ዝኾነ ዓይነት ምብዛሕ ጽሑፍ፡ ምውሳኽን ምጉዳልን፡ ምምሕያሽን፡ ምዕቃብን ካብ ዶባት ኣዳላዊ ዝወጸን ብዘይ ፍቓድ ደራስን ኣሕታምን ምስ ዝኸውን ብሕጊ የሕትት። ብዘይ ፍቓድ ምቕዳሕን ምዕቃብን ኣብዚ ዘዳልዮም ዘለዉ ሓበሬታታት እውን ኣይፍቀዱን ከም ገበን ድማ ይረኣዩ።

# ኣበይ ሓገዝ ክረክብ ይኽእል? / ኣገደስቲ ኣድራሻታት:

## ምኽርን ሓበሬታን:

**Caritasverband für das Bistum Magdeburg e.V.**
ባህላዊ ምኽርን መራኽብን ማእከል
Karl-Schmidt-Str. 5c
39104 Magdeburg
ተሌ. 0391/4080514 ወይ ድማ 4080515

**Verbraucherzentrale Magdeburg**
Breiter Weg 32
39104 Magdeburg
Tel. 0391/5439979

**Mieterverein Magdeburg**
Otto-v.-Guericke-Straße 6
39104 Magdeburg
ተሌ. 0391/5619155 ወይ ድማ 5410109
ኢመይል: info@mvmd.de

**Bürgerbüros der Stadt Magdeburg:**
ማእከላይ ቀበሌ : Leiterstraße 2A
ምብራቓዊ ቀበሌ: Tessenowstraße 15
ደቡባዊ ቀበሌ: Salbker Chaussee 67
ምዕራባዊ ቀበሌ: Bruno-Beye-Ring 50
ሰሜናዊ ቀበሌ: Lübecker Straße 32

## ናይ ዕዳ ኣማኸርቲ ንዕዳኛታት ተኻረይትን ናይ ጸዕት ዕዳን

**Sozial- und Wohnungsamt Magdeburg**
Wilhelm-Höpfner-Ring 4
39116 Magdeburg
ተሌ. 0391/5403408

**Deutscher Paritätischer Wohlfahrtsverband**
Wienerstr. 2
39108 Magdeburg
ተሌ. 0391/6293373

**Internationaler Bund e.V. Magdeburg**
Walther-Rathenau-Str. 30
39104 Magdeburg
ተሌ. 0391/7391089

**AWO Kreisverband Magdeburg e.V.**
Thiemstr. 12
39104 Magdeburg
ተሌ. 0391/4068031

## መመልከቻ ወጻኢታት ናይ ምግዓዝ ገዛን ክራይ ገዛን ምሸፋን

**Jobcenter Landeshauptstadt Magdeburg**
Otto-von-Guericke-Str. 12a
39104 Magdeburg

**Sozial- und Wohnungsamt Magdeburg**
Wilhelm-Höpfner-Ring 4
39116 Magdeburg
ተሌ. 0391/54 034 08

## ናይ ገዛ ኣቕሑን ናይ ገዛ ኣገልግሎትን

**AQB gGmbH**
Morgenstr. 10
39124 Magdeburg
ተሌ. 0391/72 72 60

**GISE**
Schönebecker Str. 56
39104 Magdeburg
ተሌ. 0391/40 951 07

## መንበሪ ገዛ

**WOBAU – Wohnungsbörse**
Breiter Weg 117a
39104 Magdeburg
ተሌ.፡ 0391/ 61044 44

**Wohnungsbaugenossenschaft**
Otto von Guericke eG
Scharnhorstring 8/9
39130 Magdeburg
ተሌ.፡ 0391/ 7261-200

**Wohnungsbaugenossenschaft**
Magdeburg-Stadtfeld eG
Peter-Paul-Straße 32
39106 Magdeburg
ተሌ.፡ 0391/ 56849-10

**MWG-Wohnungsgenossenschaft eG Magdeburg**
Letzlinger Str. 5
39106 Magdeburg
ተሌ.፡ 0391/ 5698-444